ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ዳይሬክተር ዕ/ን/ምም/ርን ኣብ በጀት ዓመት 2019 ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ግልጋሎት ናይ ቁልፍን ፈርኒቸርን ፅገና ናይ ሞያ /ጉልበት/ ዋጋ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክሳብ ሰነ 30/2019 ዓ/ም ዉዕል ብምእሳር ክግልገል ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሰነ 23, 2018 (ቅድሚ 5 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 2, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፀዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 2, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕንፀይቲን ስራሕቲ ዕንፀይቲ/ ፅገና ገዛ ኣቁሑት፡ በርን መስኮት/

ቁፅሪ:-ዳ/ዕ/ን/ምም/ርን/ 1403 /2018

ዕለት:- 19/10/2018 ዓ/ም

ምልክታ ጨረታ ናይ ቁልፍን ፈርኒቸርን ፅገና

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ዳይሬክተር ዕ/ን/ምም/ርን ኣብ በጀት ዓመት 2019 ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ግልጋሎት ናይ ቁልፍን ፈርኒቸርን ፅገና ናይ ሞያ /ጉልበት/ ዋጋ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክሳብ ሰነ 30/2019 ዓ/ም ዉዕል ብምእሳር ክግልገል ስለዝደለየ ክትወዳደሩ እትደልዩ ተወዳደርቲ ነጋዶ/ ክተማልእዎም ዝግብኡ ረቋሒታት

1. በቲ ዘርፊ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎምን ናይ 2018 በጀት ዓመት ዝተሓደሰ ሓደ ገፅ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ ክኾኑ ኣለዎም::

2. ተጫረቲ ናይ ዝወዳደሩሎም ዘርፊ ናይ 2018 በጀት ዓመት ሓደ ገፅ ዝተሓደሰ መቅረባይነት ካርዲ ከቅርቡ ዝክእለ ክኮኑ ኣለዎም::

3. ናይ ግብሪ ከፋሊ ቲን ናምበርን /Tin/ ግልፂ ዝኾነ መረዳእታ ሓደ ሓደ ገፅ ከቅርቡ ኣለዎም::

4. ተጫረቲ 5000 /ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ መክበሪ ጨረታ ብሲፒኦ ወይ ድማ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ቸክ ወይ ድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ወይ ድማ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ይግባእ::

5. ተጫረቲ መጫረቲ ሰነዶም 200 ብር ብምክፋል ካብ ዕለት 22/10/2018- 01/11/2018 ዓ/ም ሰዓት 11:30 ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ዳይሬክተር ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ብሎክ 6 ቢሮ ቁፅሪ-44 ምዉሳድ ይክእሉ እዮም::

6. ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተለጠፈሉ መዓልቲ ዝቁፀር ካብ ዕለት 22/10/2018-01/11/2018 ዓ/ም ን 10 ተከታተልቲ መዓልቲታት ኮይኑ ጨረታ ዝዕፀወሉ ድማ ዕለት 02/11/2018 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3:30 ኮይኑ ጨረታ ዝክፈተሉ ድማ ዕለት 02/11/2018 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ኩሎም ተጫረቲ ሕጋዊ ወኪሎም/ ኣብ ዝተረከብለ ኾይኑ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ መዓልቲ ድማ ካብ ጨረታ ዝተከፈተለ መዓልቲ ዝቁፀር 40 ተከታታሊ መዓልቲ ምኳኑ ክፈልጡ ይግባእ::

7. ጨረታ ዘሸነፈ ኣሸናፊነቱ ካብ ዝተገለፀሉ መዓልቲ ጀሚሩ ድሕሪ ናይ ጥርዓን 3ተ ናይ ስራሕ ማዓልቲ ኣብ ዉሽጢ 3' ናይ ስራሕ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ማዓልቲ ክሳብ ሰነ 30/2019 ዓ/ም ዉዕል ብምእሳር ግልጋሎት ብዝተኣዘዞ መሰረት ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ክህብ ዝክእል።

8. ኣብ ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ኣይፍቀድን እንትሃልይዎ ፌርማ ይገበረሉ ካብዙይ ወፃኢ እንተኮይኑ ኣብ ምፅራይ ውድቂ ይግበር።

9. ቢሮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ነቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

10. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 034-440-24-20 ይደውሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle